Folkhälsomyndigheten

# HPV-ቫይረስ

## ብዝምልከት ምፍላጡ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገራት።

**HPV-ቫይረስ** ኣዝዩ ተላባዒ፡ ኣብ መወዳእታ ክፋል ዕድሜኻ፡ ብዝተፈላለዩ ዓይነታት መንሽሮ ክትቃዕ ክገብር ዝኽእል ቫይረስ እዩ። ክታበት HPV-ቫይረስ፡ እቲ ቫይረስ ከስዕቦ ካብ ዝኽእል መንሽሮ፡ ይከላኸለልካ።ኩሎም ኣብ 5ይ ክፍሊ ዝመሃሩ ቈልዑ፡ ብመገዲ ነርስ ቤት-ትምህርቲ ብነጻ ክታበት ይወሃቦም።

### HPV-ቫይረስ ሕማም መንሽሮ ከስዕብ ይኽእል።

ብዙሓት ዝተፈላለዩ ዓይነታት HPV-ቫይረስ፡ ኣለዉ ኩሎም ዓይነታት HPV-ቫይረስ፡ ብሕማም ክትስነፍ ዝገብሩ እኳ እንተዘይኮኑ፡ ዝበዝሑ ካብኣቶም ኣብ መወዳእታ ክፋል ዕድሜኻ ብሕማም መንሽሮ ክትጥቃዕ ክገብሩ ይኽእሉ። ዝበዝሑ ሰባት፡ ኣብ ገለ እዋን ኣብ ህይወቶም ብ HPV-ቫይረስ ይልከፉ እኳ እንተኾኑ፡ እቲ መልከፍቲ ዝስምዓካን ዝርአን ብዘይምኗኑ ግን፡ ኣየቕልብሉን እዮም።

HPV-ቫይረስ፡ ብመገዲ ልፋጨዊ-መምብራና፡ ንኣብነት ጾታዊ ክርብ ኣብ እትፍጽመሉ እዋን፡ ክመሓላለፍ ይኽእል። ዝበዝሕ ግዜ እቲ ረኽሲ ባዕሉ ዝሓዊ ኾይኑ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ግን ንነዊሕ ክጸንሕ ይኽእል። እዚ ኸኣ፡ ኣብ መወዳእታ ክፋል ዕድሜኻ ብሕማም መንሽሮ ክትጥቃዕ ዘሎ ተኽእሎ ክዓቢ ይገብር።ንኣብነት መንሽሮ ጎሮሮ፣ ማህጸን፣ ጾታዊ-ኣካላት (ርሕሚ ወይ ብልዕቲ) ወይ መንሽሮ መሃንቱስ።

ኣብ ሽወደን ኣብ ዓመት ኣስታት 1550 ሰባት፡ ግዳያት ናይ ሓደ ካብቶም HPV-ቫይረስ ዘበግሶም ሕማማት መንሽሮ፡ ይኸውን።

### ክታበት፡ ጾታ ብዘየገድስ፡ ካብቲ ቫይረስ ክትድሕን ይገብር።

ክታበት HPV-ቫይረስ፡ ካብቶም ሕማም መንሽሮ ከስዕቡ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይቲ ቫይረስ ክትድሕን ይገብር። ኩሎም ህጻናት፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ናይ ክታበት ዕድል ይወሃቦም። ምኽንያቱ ከሎ ገና ምኽታብ ዝወሓሰ ብምኳኑ።

### እቲ ክታበት ጽቡቕ ድሕነት ዝህብ እዩ

ክታበት HPV-ቫይረስ፡ ሕማም መንሽሮ ንምክልኻል ኣብ መላእ ዓለም ዝወሃብ ክታበት እዩ። መጽናዕታት ከምዘነጸርዎ እቲ ክታበትጽቡቕ ድሕነት ዝህብንውሑስን እዩ። ኣብ ሽወደን፡ ዝወሃብ ክታበት፡ ኣብ ሃገራዊ መዝገብ ክታበት ይምዝገብ። ብኸምዚ ኸኣ፡ሕማም መንሽሮ ንምክልኻል ዝካየድ ጻዕሪታት፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ክትከታተሎ የኽእል።

### ብዛዕባ`ዚ ተወሳኺ ክትፈልጦ እትደሊ ነገር ምስዝህሉ?

ብዛዕባ ክታበት ክትፈልጦ እትደሊ ተወሳኺ ነገር ምስዝህሉ፡ ነርስ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ተወከሱ።

### መስርሕ ክታበት ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይካየድ

ነርስ ቤት-ትምህርቲ ነቲ ክታበት ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ቅልጽም ብመልክዕ መርፍእ ትህበካ እቲ ክታበት ክልተ ዶዝ ዘካተተ ኮይኑ፡ሓንቲ ምስ ወሰድካ፡ ብውሑዱ ድሕሪ 6 ኣዋርሕ እያ እታ ካልኣይቲ እትወሃበካ። ህጻን ቀዳመይቲ ዶዝ ክወስድ እንከሎ፡ ዕድሚኡ 15 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ምስዝኸውን፡ ጠቕላላ ሰለስተ ዶዝ ይወሃቦ።

### ቅድሚ ክታበት

ቅድሚ ክታበት ዝኾነ ሕቶ ወይ ርእይቶ ምስዝህልወካ፡ ምስ ነርስ ቤት-ትምህርቲ ተዘራረብ።

### ድሕሪ ክታበት

ድሕሪ ክታበት፡ እታ መርፍእ ዝተወጋእካላ ቦታ፡ተኣፋፊት ክትከውን፡ ክትቅይሕ፡ ክትሓብጥ ወይ ውን ከተስሕየካ ልሙድ እዩ። ንገለ ሰባት፡ ንሓጺር እዋን ዝጸንሕ ረስኒ፡ ቃንዛ-ርእሲ ወይ ሓፈሻዊ ናይ ምሕማም ስሚዒት ከምዝስምዖም ክገብር ይኽእል። እቲ ክታበት ኣለርጂካዊ-ቊጥዐ ከስዕብ ምርኣይ፡ ኣዝዩ ዘይልሙድ እዩ። ዝኾነ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ውላድኩም ድሕሪ ክታበት ምስዝጽልኦ፡ ንነርስ ቤት-ትምህርቲ ወይ ክፍሊ ክንክን ጥዕና፡ ተወከሱ።

SKYDD FÖR LIVET

# መዱብ-ክታበታት ኣብ ሽወደን

**ኩሎም ህጻናት ሽወደን** ካብ ብርክት ዝበሉ ሓደገኛታት ዝኾኑ ሕማማት ዝከላኸለሎም ክታበት ንኽወስዱ፡ ዕድመ ይግበረሎም። እዞም ዝተጠቕሱ ክታበታት፡ ኣብ ሕክምና-ህጻናትን ቤት-ትምህርትን ይወሃቡ።

### ውላድካ ብዕድመ

- **ሽዱሽተ ሰምንታት ምስ ገበረ** : ካብ ረኽሲ ሩታ-ቫይረስ እትከላኸለሉ፡ ቀዳመይቲ ክታበት ትወሃቦ።
- **ሰለስተ ኣዋርሕ ምስ ገበረ** : ካብ ረኽሲ ሩታ-ቫይረስ እትከላኸለሉ፡ ካልኣይቲ ክታበት ትወሃቦ። ቀጺሉ፡ ካብ ሽውዓተ ሕማማት ዝከላኸለሉ ክታበት ይወሃቦ። እቶም ሕማማት ከኣ፡ ዲፍተሪያ፡ ተታኑስ፡ ሰዓል-ትኽትኽታ፡ ፖልዮ፡ ኢንፍልወንዛ-ሀሞፊልያ (ቢ)፡ ኒሞንያ ስትረፕተኮኩስን ወይበን (ቢ) እዮም።
- **ሓሙሽተ ኣዋርሕ ምስ ገበረ**ነቲ ኣብ ሳልሳይ ወርሑ ኣብ ዘካየዶ ብጽሑት ዝተዋህበ ክታበታት ደጊምካ ከምዝወሃቦ ይግበር።
- **ዓመት ምስ ገበረ** : ነቲ ኣብ ሳልሳይን ሓሙሻይን ወርሑ ኣብ ዘካየዶ ብጽሑት ዝተዋህበ ክታበታት ደጊምካ ከምዝወሃቦ ይግበር።
- **ዓመትን ፈረቓን ምስ ገበረ** ካብ ንፍዮ፡ ሕማም-ጸግዕ ከምኡ ውን ንፍዮ-ጀርመን (ሩቤላ) ዝከላኸለሉ ክታበት፡ይወሃቦ።
- **ሓሙሽተ ዓመት ምስ ገበረ**ንክታበት ካዲፍተሪያ፡ ተታኑስ፡ ሰዓል-ትኽቲኽታን ከምኡ ውን ፖልዮ ከም መሐየሊ (ተወሳኺ-ዶስ) ተባሂሉ፡ ኣብ ሕክምና ህጻናት ዝወሃብ፡ ናይ ምወዳእታ ክታበት ይወሃቦ።

### ውላድካ

- **1ይ ወይ 2ይ ክፍሊ ክመሃር እንከሎ** ጸረ ንፍዮ፡ ሕማም-ጽግዕከምኡ ውን ንፍዮ-ጀርመን (ሩቤላ) ዝኾነ፡ ካልኣይ ክፋል ክታበት ይወሃቦ።
- **ኣብ 5ይ ክፍሊ ክመሃር እንከሎ** ከም ኩሎም ህጻናት፡ ሕማም መንሽሮ ንምክልኻል፡ ኣንጻር HPV-ቫይረስ ዝቐንዐ ክታበት ይወሃቦ።
- **8ይ ወይ 9ይ ክፍሊ ክመሃር እንከሎ** እቲ ኣንጻር ዲፍተሪያ፡ ተታኑስን ሰዓል-ትኽቲኽታን ዝቐንዐ ናይ መወዳእታ ክታበት ይወሃቦ።

### ክታበት ጸረ HPV-ቫይረስ ሓደ ኣካል ናይቲ ኣብ ሽወደን ዝወሃብ ምዱብ-ክታበታት እዩ።

እቶም ኩሎም ካብ ሓደገኛታት ዝኾኑ ሕማምት ንምክልኻል ተባሂሎም ንህጻናት ሽወደን ዝወሃቡ ክታበታት፡ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ኣለዉ።

